ህዝባዊ ኣኼባ ብዓወት ተዛዚሙ
ኦክላንድ ካሊፎርንያ

ብሰንኪ ጸረ-ህዝቢ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ኢድ-ኣዙር መግዛእቲ ካብ እትወድቕ ኣትሒዛ ውጹዕ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ሎሚ ካብ ማንም ጊዜ ንላዕሊ ሓሳረ መከርኡ ኣብ ዝርኣየሉን ንዝኸፍኤ ሓደጋታት ኣብ ዝተቓላዓሉን ህሞት፡ ህዝቢ ወሳኒ ግዴኡ ምእንቲ ክጻወት ደሞክራስያዊ መድረኻት ክኸፈቱን ሓሳብ ንሓሳብ ክወሃሃብን፡ ደንበ ተቓውሞ ክሕይል ኣብ ምግባርን ልዑል ኣገዳስነት ከምዘለዎ ዘይከሓድ ሓቂ’ዩ።
ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ህደግኤ) ዕምሪ ጨፍጫፊ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንምሕጻርን ህዝቢ ኣብ ጎደና ሰላምን ደሞክራሲን ምዕባሌን ንክምርሽን ኣብ ዝካየድ ተጋድሎ ዕዙዝ ተርኡ ክጻወት ከምዘለዎ ብምእማን፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ተታሓሒዝዎ ዘሎ ህዝባዊ ኣኼባታት ናይ ምስልሳል መደባት ሕጂ’ውን ይቕጽለሉ ኣሎ። ተጋዳላይ ተወልደ ገብረስላሴ ኣቦ-መንበር ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ህደግኤ) ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ኣሜሪካ ማለት ኣብ ከተማ ሲያትል ዋሺንግቶን ስተይት ዘካየዶ ዕዉት ኣኼባ ድሕሪ ምዝዛሙ ብተመሳሳሊ ብዕለት 30 መስከረም 2006 ኣብ ምዕራባዊ ሸነኽ ኣሜሪካ ድማ ኣብ ከተማ ኦክላንድ (በይ ኤሪያ) ካሊፎርንያ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ብምክያድ ንህልዊ ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ዞባናን ከምኡ’ውን ኩነታት ደንበ ተቓውሞን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ። ብድሕሪ’ዚ ካብ ህዝቢ ዝቐረበሉ ዝተፈላለየሉ ሕቶታት ኣገደስቲ መብርሂታት ብምሃብ ኣኼባ ለበዋታት ብምቕራብ ብዓወት ተዛዚሙ።
ኣብዚ ዓሚቝን ግሉጽን ዝኾነ ምይይጥ ዝተኻየደሉ ህዝባዊ ኣኼባ’ዚ ብዝኸሪ ስዉኣት ቅድሚ ምዝዛሙ ህዝቢ ነቲ ህደግኤ ኣብዚ ግዜ’ዚ ብተኸታታሊ ምስ ጸረ-ህዝቢ ቀንጻሊ ስርዓት ህግደፍ ዝገጥሞ ዘሎ ናይ ምክልኻል ጸረ-መጥቃዕቲ ወተሃደራዊ ስርሒታት ዘድልዮ ሎጂስትካዊ ሓገዝ ክሸፍን ክኽእል ምእንቲ ከምቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ዝተኻየዱ ኣኼባታት እሞ ዝተገብሩ ሓገዛት፡ ኣብ’ዚ ኣኼባ’ዚ እውን ህዝቢ ብዓቕሙ ገንዘባዊ ደገፍ ኣበርኪቱ።
ብድሕሪ’ዚ ኣቦ-መንበር ህደግኤ፡ ብጻይ ተወልደ ገብረስላሴ ብህጹጽ ስራሕ ምኽንያት ንዝተወሰነ ጊዜ ናብ ከተማ ቶሮንቶ ካናዳ በጺሑ ጕዕዝኡ ናብ ማእከላይ ምዕራብ ኣሜሪካ ማለት ናብቲ ንዕለት 7 ጥቅምቲ 2006 ኣብ ከተማ ኢንድያናፖሊስ ከባቢኡን ኢንድያና ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ህዝባዊ ኣኼባ ክሳተፍ ምኂኑ ካብቲ ቦታ ብዝመጸና ሓበሬታ ክፍለጥ ተኽኣኢሉ ኣሎ።

ዓወት ንህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ
ሞት ንጸረ-ህዝቢ፡ ጻሕታሪ ኵናት ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ

ዘለኣለማዊ ክብሪን ዝኽሪን ንስዉኣትና !

ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ህደግኤ)
ዞባ ሽማግለ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካናዳን
6 ጥቅምቲ 2006 ዓ.ም.ፈ.